Australian Government
Department of Home Affairs

# ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት

## ብሰንኪ ኮቪድ-19 ለውጢታት ኣብ ኣገልግሎት

ኣብ እዋን ለበዳ ኮቢድ-19 ደገፍ ንዓማዊል ምጥያስ ብፕሮግራም ሰብኣውነት ክቕጽል እዩ። እንተኾነ ብመሰረት ወግዓዊ መምርሒታት ጥዕና እቲ ኣገባብ ምውሃብ ኣገልግሎት ክቕየር ይኽእል እዩ።

ብዛዕባዚ ሓድሽ ኣሰራርሓ ንምፍላጥ ነቲ ናይ **HSP ኣገልግሎት ወሃቢኹም በዚ** ኣቲኹም ብቐጥታ ተወከስዎ።

ብዛዕባ **ኮቪድ-19 ን ምልክታቱን** ንምፍላጥ ኣብዚ መላግቦ ሓበሬታ ርኸቡ።

## ሓፈሻዊ መብርሂ

ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ነቶም ብሰብኣውነት ምኽንያት ዝኣትዉ፡ ገዛእ ርእሶም ንክኽእሉን ኣብ ማሕበረሰብ ኣውስትራሊያ ንጡፋት ኣባላት ንክኾኑን ዘኽእሎም ክእለትን ፍልጠትን ንኽዕብዩ ደገፍ ይህብ።

እዚ ፕሮግራም (HSP) ኣብ ክንዲ መንግስቲ ኣውስትራሊያ ኮይኑ ብናይ ኩንትራት ኣገልግሎት ወሃብቲ ኣብ መላእ ኣውስትራሊያ ዝወሃብ ኣገልግሎት እዩ። ኣብዚ ናይ HSP ንምስታፍ ብወለንታ ኮይኑ ንዓማዊል ዝወሃብ ኣገልግሎት ኣብ ድልየት ብዝምርኮስ ናይ ምሕደራ ኣቀራርባ እዩ።

ናይ ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ወሃብቲ ኣገልግሎት ንመሰረት ዕዉት ምጥያስ ኣብ ኣውስትራሊያ ኣብዞም ዝስዕቡ ቀዳምነት ዝወሃቦም መዳያት ደገፍ ይህቡ:

- ስራሕ
- ትምህርቲን ስልጠናን
- ኣገልግሎታት ቋንቋ
- መንበሪ ገዛ
- ኣተሓሕዛ ገንዘብ
- ኣካላዊን ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ድሕነትን
- ኣብ ማሕበረሰብ ተሳታፍነትን ምሕዝነት ምፍጣርን
- ናይ ስድራቤት ንጥፈታትን ማሕበራዊ ደገፍን
- ፍትሒ

ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ምስ ካልኦት ኣገልግሎታት ምጥያስን ዓበይቲ ትካላትን ተወሃሂዶም ከምዝሰርሑ ተጌሩ እዩ ተዳልዩ። ተጠቀምቲ ዓማዊል እንግሊዝኛ ክመሃሩን ኣድላዪ ትምህርቲን ናይ ስራሕ ክእለትን ንምሕጋዝ ጽኑዕ ኣትኩሮ ዝገብር እዩ። እዚ ዝተገብረሉ ምኽንያት፥ ናይዞም መዳያት እወታዊ ዉጽኢታት ነቶም ብመገዲ ሰብኣዊ መደባት ዝኣትዉ ምስ ኣውስትራሊያዊ ህይወት ክጽምበሩ ከምዝሕግዙ ተኣሚንሉ እዩ።

ብዛዕባ ወሃቢ ኣገልግሎት HSP ዝርከበሉ ቦታታትን ናይ መራኸቢታት ሓበሬት **ኣብዚ** መላግቦ ክርከብ ይከኣል እዩ።

## ቅቡልነት

ሓደ ሰብ ካብዞም ዝስዕቡ ብሓደ ዓይነት  ኣብ ኣውስትራሊያ ክጣየስ ቪዛ እንተተዋሂብዎ፡ ኣብ ኣውስትራሊያ ኣብ ዝኣትወሉ እዋን ብደፓርትመን ሆም ኣፈየርስ ኣቢሉ ብ HSP ንዝወሃብ ደገፍ ንምርካብ ናብ ወሃቢ ኣገልግሎት ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ይምራሕ።

- ተሰደድቲ (ሳብክላስ 200, 201, 203 ን 204) ቪዛ; ከምኡውን
- ዓለማዊ ፍሉይ ናይ ሰብኣዊ (ሳብክላስ 202) ቪዛ (እዚ ነቲ ብናይ ማሕበረሰብ ደገፍ ኣብ ዝወሃብ ፕሮግራም ዝሳተፉ ኣይምልከቶምን)።

## ኣገልግሎታት

ናይ ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ማናጀራት ጉዳይ (case managers) ነቲ ዝጣየስ ብውልቂ ዘድልዮ ነገራት ንምቕራብ ዘክእል ናይ ምሕደራ መደብ ምስቲ ተጠቃሚ ብሓባር ኮይኖም የማዕብሉ።

እቲ ኣገልግሎታት ኣቕዲምካ ዝወሃብ ግብራዊ ደገፍ ዘጠቓልል ከም:

- ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ምቕባል
- ኣብ ምእታው መዕቆቢ ምርካብን ብዛዕባቲ መንበሪ ምፍላጥን
- መበገሲ ዝኸውን መግቢን ኣድለይቲ ነገራት ምቕራብን
- ኣብ ሰንተርሊንክ፥ መዲኬርን ባንክን ዝበሉ ኣብ ምምዝጋብ ምሕጋዝ
- ህጹጽ ናይ ጥዕና ጠለባት ፍታሕ ምርካብ
- ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ክግበር ብዛዕባ ዝግበኦ ሓበሬታ ምሃብ ከምኡ'ውን ናይ ትርጉም ኣገልግሎት ብኸመይ ከምዝርከብ ምሕባር
- ብዛዕባ ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ኣገልግሎታት ሓበሬታ ምሃብ

ተጠቀምቲ ዓማዊል ኣብ ምጥያስ ንኽዕወቱ ዝሕግዝዎም ካልኦት ኣገልግሎታት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም:

- ናይቲ ተጠቃሚ ፍልጠት ብዛዕባ ኣውስትራሊያዊ ኣነባብራ ህይወትን ክብሪታትን ዘዕቢ ኣብ ዉሽጢ ሃገር ናይ ኣፍልጦ ፕሮግራማት ምሃብ
- ናይ ነዊሕ እዋን መንበሪ ገዛ ዝርከበሉ መገዲ ምሕጋዝ
- ከም ጥዕናን ኣገልግሎታት ደገፍ ንስድራቤት ዝበሉ ኣድለይቲ ኣገልግሎታት ንምርካብ ምድጋፍ
- ምስ ናይ ከባቢ ጉጅለታት ማሕበረሰብን ንጥፈታትን ምርኻብ
- ኣብ ናይ ዓበይቲ ስደተኛታት ፕሮግራም እንግሊዝኛ (AMEP) ክምዝገቡን ትምህርቲ ክከታተሉን ምሕጋዝ
- ኣብ ነቲ ተጠቃሚ ዝምልከቶ ዓይነት ትምህርቲን ስልጠናን ክምዝገብን ቅድሚ ናብዚ ዓዲ ምምጻኡ ዘለዎ ክእለትን ሞያን ኣፍልጦ ንኽረክብ ምሕጋዝ
- ምስ ኣገልግሎታት ስራሕ ክተሓሓዝ ብምድጋፍ ብዛዕባ ኣተገባብራ ናይ ስራሕ ስትራተጂታትን ስራሕ ንግዲ ንምጥያስ ናይ ደገፍ ኣገልግሎታት ዝህቡ ምትሕሓዝ

ናይ ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ወሃብቲ ኣገልግሎት ብተወሳኺ ነቶም ብኦንላይን ንናይ ነጻ ኣገልግሎት ምትርጓም (FTS) ከመልከቱ ዘይክእሉ ናይ ነጻ ኣገልግሎት ምትርጓም ንኽመልከቱ ምሕጋዝ።

ካብ ናይ ፕሮግራም ምጥያስ ብሰብኣውነት (HSP) ንምውጻእ ኣብቲ እቲ ተጠቃሚ ኣብቲ መደብ ምሕደራ ጉዳዮም ተለልዮም ዘለዉ ዝረኽብዎ ውጽኢት እዩ ዝምርኮስ። ንዝበዝሑ ተጠቀምቲ ዓማዊል እዞም ውጺኢታት ካብቲ ናብ ኣውስትራሊያ ዝኣተውሉ እዋን ኣብ ዉሽጢ 6 ክሳብ 18 ኣዋርሕ ይወስዱ።